***ምንባር ሎሚየይ***



ኣብ ታ ናይ ቋሕ ሰም ደቒቕ
ንጥፍኣትን ጥልቀትን መስታ መጋርያ ከብረቕርቕ
ገሃጽሃጽ ረመጽ ነዛ ሂወት ክምሽሉቕ
ሪኤያ ፋርሰይ ቅድመይን በጃይን ክትወድቕ

ጻሕ ክትብል ኣባያ ይሰጣሕ
ኣራግሕ ክትምድምድ ንስለ ጥጣሐ ጽባሕ
ኣብቲ መንቃዕ ህረት ሽለውለው ሓኽቢ

ጽዋእ መስዋእታ  ምውዳቓ ናጽነተይ እንድዩ ዓሰቢ

ኣብቲ ዋርዋርታ ቃጸሎ ሆሮርማ

ወይከ ምዕይ ነኺሳ ኣብ  ጽኑዕ ዕላማ

ንኽብሪ መሬት  ነዛ ግምጃ ሰንደቕ  ዕላማ
ክትሓልፍ ሪኤያ ኣብቲ ጥርዚ ሃገር ግን ኣግዚማ

እታ ጭልግዕ ኅርዞ ዓርኅባ ለይለይ
ኣብ ክንዲ ክንዳይ ሓሊፋ ንስለ ምንባር ሎሚየይ
ምንባራ ተኾሊፉ ተሰይፋ ንስለ እዛ ርስቲ
ስፍራ ቅዱሳን እዩ ሰፈራ እዛ ሓላል ብጻቲ

ንምንባር ሎምየይ ኣብ ቅድሚ ዓረር ትዂየጥ

ግንባራ ሂባ  ትንፋሳ ክብል ካን እርም ጸጥ
ሩሓ መኺና ንስለ ምንባር ሎሚየይ ምንባራ ነፊጋ

ራዕ ክትብል ረኣኽዋ  ንስለይ ከፊላ ረዚን ዋጋ

ክንዲ ወሊዳ ትኸብድ ትኸብር  ትማሙቕ



ክንዲ ሓዳር  ክንዲ ትብረ ትዝምድ ትሕንቅቕ
እንታይ ድኣሉ ደቀይ ክብራ ዝዝንጠል

ብሳላ መን ድዩ እዚ ምንባር  ሎሚ ንዂርዓት ዝንበር

ምንባር ሎሚ ብዘይ ምንባራ እንድዩ ዝንበር ዘሎ
ሳላ እዛ ደባሊት ቀላሲት ኩናት ፋርሳይት ዋዕሮ
ምንባር ሎሚና ዘይምነ ደኣ ናይ መን መንሽሮ

ስዉእ ዘራኽስ  ሲ ኣይቡቕልናን  ፎእ ንበሎ

እነስተንፍሶ  ጹሩይ ኣየር ብሳንቡኣ እንድዩ

እንረግጾ ብፍሰሃ ቅሳነት  ብዋጋ መን ድዩ

እንሕበነሉ  መንነት  ደረትና እንነፍሓሉ
ምንባር ሎሚ ሳላ መን ድዩ ዘይ ምህላዎም

እንደኣሉ  ፥ህላወና ፈጢሩ

ኣብ ሕልናና ግና ኣለዉ ብኽብሪ ነምልኾም
መናድቕ ልብና እዩ ሰፈሮም እንተገሽይ ኣርሒቖም

ምንባር ሎሚ  ዝፈጠሩ ነዛ ህላወኦም  ሲኢንና

ዘንትእለት ይዘከሩ ምንባሮም ዝኮለፉ ንስሌና

ዓወት ንሓፋሽ

ዘልኣለማዊ ክብሪ ንሰማእታትና

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)

ጀርመን  2017